# መርሆ

ሚያዝያ 2011 2ይ ዓመት ቁ.04

**ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝዳሎ ዕላዊ ልሳን**

## መርሆ

ብባህርን ምስልን ንክልተ፡ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኩነት ዝጣመሩ ተርእዮታት ብማዕረ ዝውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል'ዩ።

ካብ ድቅድቕ ጸላም፣ ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ'ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ'ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ባብ'ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይቲ ኣደራዕ ብምዃኑ፡ እቲ ባብ መርሆ'ዩ።

ናብ'ቲ ክትበጽሖ እትብህነ መስተርሆ-ባብ፣ ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት፣ ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት'ዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ። እዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ መንገዲ ዓወት'ዩ። ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቕልስ ከኣ መርሆ'ዩ።

መርሆ ዕላዊት ልሳን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኮይና፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺታትና እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኣ ንክተበርክት ዝተሰለፈት፡ መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና'ያ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሰደግኤ

# ትሕዝቶ

✍ ርእሰ-ዓንቀጽ፡-
ንሃገራዊ ውራይና፡ ንተዓጠቕ!..........................................................................2

✍ ሎሚ'ውን እቲ ወሳኒ-ዕዮ ኣብ ቅድሜና ኣሎ........................................................3

✍ መንእሰይ ኤርትራን መድረኻዊ ጠለባቱን.........................................................5

✍ ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሽቃሎ
ግንቦት ሓደ /መይ-ደይ/ ዝተዳለወ ውድባዊ መግለጺ..........................................9

E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ንሃገራዊ ውራይና፡ ንተዓጠቕ!

ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዝጸነሐ ነባር ባህሊ ምትሕግጋዝ ኣሎ። ኣብ ሓጎስ ይኹን ኣብ ሓዘን ኩሉ ከክንድታ ክገብራ ዝክእል ናይ ምግባር ጽቡቕ ባህሊ። ንኣብነት ኣብ ውራይ፡ ነቲ ውራይ ንምምዕራግን ንምዕዋቱን ዝዕጠቕ እቲ በዓል ውራይ ጥራይ ኣይኮነን። መቕርብ ቤተ-ዘመድን ጎረባብትን ንምዕዋት'ቲ ውራይ፡ ካብ እኽለ-ማይ ጀሚሮም ክሳብ ብጉልበቶም ኣበርክቶ ክገብሩ ንቡር'ዩ። ነዚ ንቡር ባህሊ'ዚ ዓቕሙን ኩነታቱን እናፍቀደሉ ዘየማልአ፡ ኣብቲ ውራይ ኢዱ ዘይሓወሰ፡ ግብሩ በሊዕዎ ባዕሉ ካብ ፈተውቱን መቕርቡን ክንጸል'ዩ ዝኽውን። እዚ ስጡም ማሕበራዊ ምትእስሳር ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ቃልስና'ውን ብግብሪ ዝተሰርሐሉ፡ ኣብ ውራዩ ባዕሉ ዝሓልፎን ዝዕጠቐሉን ምኽኑ ዘረጋገጸ፡ ካብቲ እንንየተሉ ብሉጽ ክብርታት ህዝብታትና ሓደ'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ዘካየድዎ መሪር ተጋድሎ፡ ሰውራ ዝጠልቦ ፖለቲካዊ፣ ሰብኣዊ፣ ንዋታውን ገንዘባውን ዓቕምታት ብዘይነጽፍ ወሓዚ ደገፋቶም እናመገቡ ጸር ሰውራ ኣብ እንግድየኦም ዘዕረፎ ጽዕንቶ ከየሰልከዮም ሳላ ዝተቓለሱ፡ ዓርሞሸሽ ባዕዳዊ ጸላኢ ሲዒሮም ጋማ ዓውት ክዓትሩ ዝበቕዑ። ምስጢር ናይዚ ከኣ ህዝብታትና ከም ባህሊ ዝኾስኮስዎ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ስጡም ናይ ምትሕግጋዝን ምድንጋጽን ዝምድና ዝመሰረቱ ልሉይ ሃገራዊ ፍቕሪ'ዩ።

ህዝብታት ኤርትራ ሕማቕ ክፍደዩ ዘይተጸበይዎ'ኳ እንተኾነ፡ ብሃገራዊ ነጻነታዊ ዓወት ተሞኺሉዩ ድቒ-ፋሽስትነት ሓቝፉ ንድርኹኺት ኣስመራ ዝረገጸ ዕሉል ትምክሕተኛ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ግን **"ንወሃብ ጸባስ ይኸላእ'ዶ ማይ ጸባ"** ከም ዝብሃል፡ ንሱ ዝመልኮ ፋሽስታዊ ስርዓት ደኾኑ፡ ንመብጽዓ ሰማእታት ጠሊሙ ንባህግን ጻማን ህዝብታት ኤርትራ ኣምኪኑዎ'ዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፡ 20 ዓመታት ፋሽስታዊ ስርዓተ-ምሕደራ ኢሳይያስ-ህግደፍ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ተሳጢሖም ኣፈር-ክቡ ጸውዒቶም ብዓውታ በሪኹ ይደሃይ ኣሎ።

ነዚ ናይ ህዝብታትና ጻውዒት ሰሚዕና ግብራዊ ምላሽ ክንህብ ዘኽእለናን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኣንጸላልዩ ንዘሎ ሓደጋ ብምዕጻፍ፡ ሓዳስ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምውሓስ፡ ኣብዚ እዋንዚ ተታሒዙ ዘሎ ኣንፈት ብመንገዲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ዝነጣጠፍ ዘሎ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቁልፊ ዕማም ናይ'ዚ መደረኽ ኮይኑ'ሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብ ዝሐለፈ ወርሒ መጋቢት 2011 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብምስልሳል፡ ዝሐለፈ ጉዕዙኡ ገምጊሙ መጻኢ መደባቱ ኣነጺሩ ድሮ ወፍርታት ጀሚሩ'ሎ። ዛጊት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ዘሰላሰሎም ዕዮታት ብኣወንታ ዝምዘን'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ናብ'ቲ ካልኣይ ምዕራፍ ንምስግጋር ምቹእ ሃዋሁ ተፈጢሩ'ሎ። ነዚ ዕማም ኣብ ምስላጥ ካብ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ዝተረኽበ ኣወንታዊ ደገፋት ዝምስገን'ዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ምቹእ ሃዋሁውን ናይ ህዝብታትና ንቑሕ ተሳትፎን ብምትእምማን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንኩሉ ዓቕምታት ህዝብታትናን ተቃወምቲ ሓይልታቱን ብምጥማር፡ ንደምበ ተቓውሞ፡ ናብ ወቓዒ ሓይሊ ንምቕያሩን ኣብ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ዝንበብ ለውጢ ንምምዝጋብን ናብ ዘኽእሎ ብርኪ ንምድያብ ዝሕግዝ መደባት ሓንጺጹ፡ ናብ ወሳኒ መድረኽ ተሰጋጊሩ'ሎ።

ህዝብታት ኤርትራ ከም'ቲ ዝቀደመ ታሪኽ-መኸተን ተወፋይነትን ብምስናኽ ብንቑሕ ተሳትፎ ኣብ ጎኒ'ዚ ቅዱስ ሃገራዊ ዕላማ ተሰሊፎም፡ እቲ ውራይ ውራይና'ዩ ብዝብል መንፈስ ንምዕዋቱ ክረባረቡ ትጽቢት ይግበረሎም። ብርግጽ ከኣ እቲ ውራይ፡ ህዝባውን ሃገራውን ቅዱስ ዕላማ ዝተሐንገጠ ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታትና ንምውሓስ ጻማ ህዝብታት ኤርትራ ንምኽፋል ኣብ ማዕርነታዊ ሱታፌ ኩሎም ዜጋታታ እትምስረት፣ ፍትሒ ዝነገሳ፣ ሰላማዊትን ደሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምርግጋጽን ዝዓለመ ውራይ ስለዝኾነ ኩሉ ኤርትራዊ በዓል-ውራይ'ዩ። ኣብ'ዚ ውራይ'ዚ ዝጥለብ ኣበርክቶ፡ እቲ ቀዳማይን ወሳንን፡ ንቑሕ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ብምርግጋጽ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ መሰረታዊ ረብሓታት መሊኡ ብዘረጋግጽ ታሪኻዊ ውሳኔታት ክጽንበል ምግባርን፣ ነቲ ውሳኔ ዘተግብር ውፉይን ብቑዕን ፖለቲካዊ መሪሕነት ምምራጽን ኣብ ዝህሉ መስርሕ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ምግባር'ዩ። ብካልኣይ ደረጃ ነዚ መድረኻዊ ውራይ'ዚ ንምስልሳል፡ ይውሓድ ይብዛሕ ገንዘባውን ማተርያላውን ወጻኢታት ከም ዝሓትት ርዱእ'ዩ። ነዚ ወጻኢታት'ዚ በብኽንዲ ኣካውናና ብኤርትራዊ ዓቕምታትና ክንሸፍኖን ንወጻኢታቱ ክንመቓርሖን ክህልወና'ዩ። ሳልሳይን ኣገዳስን ነጥቢ፡ እዚ ውራይ'ዚ ተጻብኦታት ክገጥሞ ምኻኑ ከይተሓልመ ዝተፈተሐ'ዩ። ነዚ ተጻብኦ'ዚ ብብልሒ ብምግጣም ንምምካኑ ክንሰርሕ ይግባእ።

ስለ'ዚ እምበኣር ኩሉ ካብ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝርባሕ፡ ንናይ ህዝብታት ኤርትራ ናይ ርድኡኒ ኣውያት ታሪኻዊ ምላሽ ብምሃብ ሓድሽ ኤርትራዊ ታሪኽ ንምስራሕ ድልውነትን ትብዓትን ዘለዎ ዜጋ፡ ነዚ ሃገራዊ ውራይና ንምዕዋት ክዕጠቕን ካብ'ዚ መድረኻዊ ዕዮ-ገዛ ኤርትራውያን ብጽሒቱ ክፍጽምን ኣለዎ። ኣብ ውራዩ ዘይተዓጠቐ፡ ጽባሕ እቲ ውራይ ብዓወት ምስ ተጸምበለ ሕልንኡን ታሪኽን ክዳንዩዎ'ዮም።

# ሎሚ'ውን እቲ ወሳኒ-ዕዮ ኣብ ቅድሜና ኣሎ፡

2ይ ስሩዕ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ 15 ክሳብ 21 መጋቢት 2011 ተኻይዱ ብዓወት ከምዝተዛዘመ ብቐረባ ተኸታቲልናዮ ኢና። እዚ ኣኼባ'ዚ ምስ 1ይ ስሩዕ ኣኼባ ክነጻጸር እንከሎ ብብዙሕ መለክዒታት ዝማዕበለ ኣኼባ ምንባሩ ኣብኡ ዝወዓሉ ኣባላት ኮምሽን ዝምስክሩዎ እዩ። ምዕባለኡ በቶም ሒዙዎም ዝቐነየ ኣጀንዳታት ጥራሕ ዝዕቀን ኣይኮነን። ንሱ ሓደ ነገር እዩ። ፍሉይነቱ፡ ንዝሓዞም ኣጀንዳታት ንምጽፋፍ ዝነበሮ ናይ ምድምማጽን ምክብባርን መንፈስ ብቐንዱ ዝጥቀስ እዩ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን መንፈስ ምድምማጽን ምክብባርን ጎሊሁ ምርኣዩ፡ ነቶም ተሪፎሞ ዘለዉ ወሰንቲ ዕማማት ኣብ ምፍጻም ኣወንታዊ ስዳሮታት ተጓዒዙ ምህላዉ ዘመላኽቱ እዮም።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ኣብ ቅንያቱ፡ ናብ ህዝብታትና ወሪዱም ሰፊሕን ዓሚቕን ምይይጣት ዝካየደሎም፡ መመሓየሺ ሓሳባት ይኹን ፍሉያት ሓሳባት ዝፈሰሎምን ኣብ መወዳእታ ድማ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጸም ዝልእኩዎም ወከልቲ ኣብ ዝሳተፉሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝጸድቁ ንድፍታት፡ ኣጻፊፉ የውርድ ኣሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብ ምጽፋፍ ንድፍታት ሓያል ክትዓት ኣካይዱ እዩ። ይኹን'ምበር እቲ ወሳኒ ምይይጥን ክትዕን ንህዝቢ ኣብ ዝኽፈቱ ሰፋሕቲ መድረኻት ዝካየድ ብምዃኑ፡ ናይ ህዝብታትና ሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ዝለዓለ ቱኽረት ክወሃቦ የድሊ።

ድሕሪ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ውጽኢት ዋዕላ ንምሕባር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ-ዓለማት ዝተኻየዱ ህዝባዊ ኣኼባታትን ምቛም ህዝባዊ ሽማግለታት ብኣወንታ ዝቕመጥ ምዃኑ ተሰሚሩሉ ዝሓለፈ'ዩ። ኣብ ቅድመ ምድላው፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክዕመም ዝግበኦ ወሳኒ ዕማም ግን፡ ገና ኣብ ቅድሜና ምህላዉ ምዝካር የድሊ እዩ። ንሱ ድማ ህዝብታትና በብኸባቢኡ ኣብ ንድፍታት ሃገራዊ ጉባኤ ዘካይዱዎ ምይይጣት ብብቕዓትን ብብስለትን ክሰላሰል ናይ ምግባር ዕማም እዩ።

ካብ ውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ተበጊስና፡ እንግንዘቦ መሰረታዊ ሓቂ እንተሃልዩ፡ ካብ ምቛም ሃገራዊ ኮምሽን ጀሚሩ ናይ ህዝብታትና ሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ክዓቢ ምግባር፡ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ ምዃኑ እዩ። እዚ ኣገንዘቦ'ዚ ካብ ባዶ ሃዋሁው ዝተበገሰ ናይ ሃውሪ ውሳኔ ኣይኮነን። መበገሲኡ ንጹር ዘየላጥን እዩ።

ሓይሊታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ኣብ ቃልሲ ዘሕለፉዎ ዕድመ ይኹን በዝሖም ብዘየገድስ፡ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታትና ኣብ ምምራሕ ከምዘይነፍዑ ኣብ ክትዕ ዝኣቱ ኣይኮነን። ካብ ቀንዲ ኣጀዳታት ህዝብታትና ወጺኦም ሕድሕዶም እናተቐራቐሱ ከም ቅንጥሻራ እናተባዝሑ ምምጸኦም ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ሓቂ እዩ። ሕብረተሰባዊ ክውንነትና ካብ ዝጸሮም ፖሎቲካዊ ኣረኣእያታት ንላዕሊ፡ በብእዋኑ ክጫጭሑ ጸኒሖምን ኣለዉን። ወዮ ደኣ እዞም ከም ኣሜባ እናተባዝሑ ዝሓድሩ ውድባት ተቓውሞና፡ ማእከሎም ኣብ ርሑቕን ቀረባን ስደት ኮይኑ'ምበር፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር እንተዝነብር ዝሓለፈ ተሞኩሮ ሾናት ሕድሕድ፡ ብዝኸፍኣ ከይደግሙዎ ዝኽልክሎም ባህሪ ከምዘይብሎም፡ ባዕሉ'ቲ ኣብ ስደት ተሰሪቶም ዘርእዩዎ ሕድሕድ ምንጻይን ምትንኻልን እኹል ምስክር እዩ። እምበርኣርከስ ንህዝብታትና፡ ምብዛሕ ውድባት፡ ነቶም ትማሊ ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎኦም፡ ኣብ ሾናት ሕድሕድ ዝኸሰሩዎምም መላምል ደቆም መሊሶም መላሊሶም ክዝክሩዎምን ስግኣት ኣብ ከብዶም ክሓቁፉ ከም ዝገብሮም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና በብእዋኑ እናተፈናጨሉ ምኻዶም ጥራሕ ኣይኮነን እቲ ዓብይ ጸገም ኮይኑ ጸኒሑ ዘሎ። ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘካይዱዎ ዘለዉ ቃልሲ፡ ቀንዲ ማእከሎም ኣብ ቀረባን ርሑቕ ስደት ብምዃኑ፡ ትርግታ ልቢ ህዝብታትና ብግቡእ ከዳምጹ ዘይበቕዑን ኣብ ሕሉፍ ዝነብሩ፡ ብናይ ራእይ ድኽነት እናተሳቐዩ ዝጸንሑ ምዃኖምን ገና'ውን መሊኦም ክሰግሩ ዘይከኣሉ ምህላዎም እዩ። ምስ ክውንነት ሃገርናን ህዝብታትናን ዘይሳነዩ መልክዕ ውደባታት፡ ዘይተጸንዑን ብሃውሪ ዝተታሕዙን ዝተፈላለዩ ኣገባብ ቃልስታት ተኸቲሎም ኣብ ዕንይንይ ይነብሩ ምህላዎም እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ተሳትፎ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያት፣ ደቂ-ኣንስትዮን ሙሁራትን ተሳትፎ ድማ ብፍላይ፡ ቦኺሩዎም ብጽምዋ እናተበልዑ ይነብሩ ኣለዉ። ኮታስ ህዝብታትና ብጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራ ኢሳይያስ-ህግደፍ ሰኪሖም፡ ካብ'ቲ ስርዓት በብእዋኑ እናተነጸሉ፡ ሕሉፍ ሓሊፎም'ውን ብጻዕቂ ዓዶም ራሕሪሖም ናብ ስደት ይውሕዙ'ኳ እንተሃለዉ፡ ንሓይሊ ተቓውሞ ኣማዕድዮም ካብ ምቁማት ሓሊፎም ብጻዕቂ ክሳተፉ ኣይረኣዩን። ብዘይ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታት ኤርትራ ድማ፡ ሓያል ተቓውሞ ክፍጠር ማለት ዝሕሰብ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ህሉው ኩነታትና፡ ኣብ ቃልሲ ኣሎና ዝብሉ ተቓወምቲ ውድባትን፡ ካብ ህግደፍ እናተነጸሉ በብእዋኑ ዝርሕቑ ዘሎዉ ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታትናን ኣብ ሞንጎኦም ርኡይ ዝኾነ ጋግ ተፈጢሩ ጸኒሑን ኣሎን።

ብምኻኑ'ውን ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክቃለሱ ኣብ ምምራሕ ፈሺሎም ጸኒሖም እዮም እንተተባሃለ፡ ነቲ ክዉን ሓቂ ከምዘለዎ ካብ ምቕማጥ ሓሊፉ ሓንቲ ቃል-ኣጋኖ ዘለዎ ኣይኮነን። ስለዚ ነዚ ተፈጢሩ ዝጸንሐን ዘሎን ዓብይ ጋግ ብምጽባብ፡ ሓይሊ ተቓውሞን ህዝብታትናን ተቐራሪቦም ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝቃለሱሉ ኣንፈት ምኽታል ኣማራጺ ዘይብሉ ጉዳይ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ካብ 2002 ዓ.ም. ጀሚሩ ጭርሖ ሃገራዊ ዋዕላ ክለዓል እንከሎ፡ ዓቕሚ ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞናን ኣብ ምውህሃድ ኣገዳሲ መድረኽ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ ተባሂሉ ስለዝተኣመነሉ ምንባሩ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብ ኣድላይነት ሃገራዊ ዋዕላን ዝካየደሉ እዋንን ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ውድባት ተቓውሞ ብዝነበረ ፍልልይ ክሳብ 2008 እናተንከባለለ ክመጽእ ግድን ኮነ።

ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘይስገር መደብ ኮይኑ ክተሓዝ ዝኽእለ፡ ኣብ'ቲ ንፈለማ እዋን ካብ ሲቪክ ማሕበራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተሳተፉሉ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤዲኪ(ግንቦት 2008) እዩ። ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ብሓያል ጻዕሪ ወከልቲ ሲቪክ ማሕበራትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን፡ እቶም ኣብ ኣድላይነት ሃገራዊ ዋዕላ በበይኑ ኣረኣእያታት ሒዞም ሓደ ጭቡጥ ዝኾነ ውሳኔ ከየመሓላልፉ ዓመታት ዘቑጸሩ መራሕቲ ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ከዳልዉ ሓላፍነት ተሸከሙ።

ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምስ ኩሎም'ቶም ኣብ ቅድመ ምድላው ዝተራእዩ ሕጽረታቱ፡ ድሕሪ ክልተ ዓመታት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ክፍለ-ዓለማት ዝመጹ 330 ኤርትራውያን፡ ወከልቲ ኣባላት ፖሎቲካዊ ውድባት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ህዝብን ዝተሳተፉሉ፡ ደገፍ ሰንዓ ፎረም ብሓፈሻ ናይ ኢህወደግን ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምትሕብባር ድማ ብፍላይ ከይተፈለዮ፡ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 09 ነሓሰ 2010 ተኻይዱ ብኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ለበዋታትን...ወዘተ ተጸንቢሉ ብዓወት ተዛዚመ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝቖመ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝተዋሃቦ ሓላፍነት ንምዕዋት ምንቅስቓስ ካብ ዝጀምር እነሆ ሸሞንተ ወርሓት ኣሕሊፉ ኣሎ። ኣብ ቅድሚኡ ድማ ቀንድን ወሰንትን ዝኾኑ፡ ኣብ ቅድመ-ምድላው ሃገራዊ ጉባኤ ክዕመሙ ዝግበኦም መደባት ተሓንጊጡ ወፊሩ ኣሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ብኤዲኪ ዝቖመ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘዳሉ ኣሰናዳዊት ሽማግለ፡ ኣቐዲሙ ናብ ህዝቢ ንምይይጥ ዘየውረዶም፡ ናብ ዋዕላ ሒዙዎም ዝቐረበ ዘይተጻፈፉ ሰነዳት ካብ ዝነበሮም ድኹም ጎድንታት ግቡእ ትምህርቲ ረኺቡ፡ ህዝብታትና ኣቐዲሞም ዝመያየጡሎም ዝተፈላለዩ ንድፍታት ኣጻፊፉ ምድላው ብኣወንታ ዝቕመጥ ሓያል ጎድኑ እዩ። ኣቐዲሙ ኣብ ዘካየዶም ናይ ህዝቢ ኣኼባታት፡ ኣብ መብዛሕትኡ ክፍለ-ዓለማት፡ ተሓጋገዝቲ ናይ ህዝቢ ሽማግለታት ምቛሙ ድማ፡ ነዞም ድሮ ተጻፊፎም ንምይይጥ ክወርዱ ተዳልዮም ዘለዉ ንድፍታት ኣብ ምምይያጥ፡ ጽቡቕ ባይታ ኣጣጢሑ ምህላዉ ዘመልክት እዩ። ሎሚ'ውን ኣብ ቅድሚኡ፡ ካብ ዝሓለፈ ድኽመታት ሃገራዊ ዋዕላ፡ ግቡእ ትምህርቲ ሓፊሱ ብቕንዕናን ብብቕዓትን ክወፍረሎም ዝግባእ ዓበይቲ መደባት ይጽበዩዎ ኣለዉ።

**እቶም ዓበይቲ መደባት፡**

1. ንድፍታት ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ህዝብታትና ግቡእ ምይይጣት ክካየደሎም፡ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ኣጀንዳታቶም ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ከረጋግጹ ናይ ምግባር ጉዳይ ብቐዳምነት ዝስራዕ እዩ።
2. ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከቡ፡ ኣብቶም ምይይጣት፡ ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ዘረጋገጹ ህዝብታትና፡ ብመሰረት ዝተዋሃቦም መጠን፡ ነጻን ደሞክራስያውን ብዝኾነ ኣገባብ ወከልቶም ክመርጹ ናይ ምብቓዕ ጉዳይ እዩ።

ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዓቕሚ ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ብምውህሃድ፡ ኣብ ትሕቲ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ቻርተር፣ ሕገ-ህንጻን ሓባራዊ መሪሕነትን ተጠሚሮም፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ዘብቕዖም፡ ራእይን ውደባን ከጥርዩ ዝገብር መድረኽ ብምኻኑ፡ ካብ ህዝብታትና ተመሪጾም ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ዝሳተፉ፡ ነዚ ዓብይ ውራይ'ዚ ዝበቕዑ ምኻኖም ምርግጋጽ ኣገዳሲ ምኻኑ ክነስምረሉ ንደሊ። ብተወሳኺ እዚ ሃገራዊ ጉባኤ'ዚ ከም ናይ ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ መድረኽ መጠን፡ ንብዙሕነታዊ ኣከዋውና ህዝብታትና፡ ማለት፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጾታን ዕድመን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ምዕሩይ ተሳትፎ ዘረጋግጽ ክኸውን ዝለዓለ ጻዕሪ ክካየደሉ ይግባእ። ብዓንዲ ነገሩ፡ ሕቶ ውክልና፡ ግልጺ፣ ፍትሓውን ምዕሩይን ክኸውን ናይ ምግባር ሕቶ፡ ብቐንዱ ሓላፍነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ምኻኑ ክነስምረሉ ንደሊ። ህዝብታትና ኣብ ዝመጽእ ሃገራዊ ጉባኤኦም ነጻን ደሞክራስያውን ብዝኾነ ኣገባብ ክመርጹ ምብቃዕ፡ ነታ ጽባሕ ክንተኽላ እንምነያ ደሞክራስያዊት ኤርትራ፡ እምነ መሰረት ምንባር ማለት ምኻኑ ምግንዛብ የድልየና።

**"ፈረስ'ሲ የብጽሕ'ምበር ኣይዋጋእን"** ዝብል ምስላ ዓበይቲ ለባማት ወለድና ኣሎ። ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተሳተፍና ኤርትራውያን፡ ኩሉ ዓይነት ወጻኢና ብመን ተሸፊኑ ዝብል ንኩላትና ብሩህ ስለዝኾነ ኣብዚ ምድጋሙ ኣየድልን። ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ-ዓለማት በበይንና እንነብር ዝነበርና ደለይቲ ለውጢ ዝኾና ኤርትራውያን፡ ኣብ ሓደ ሰላሙ ዝተሓለወ፡ ወጻኢታቱ ብግቡእ ዝተማልኣሉ ምዕሩግ ኣዳራሽ ተራኺብና፡ ብዛዕባ ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝወርደና ዘሎ ዝተፈላለዩ መልክዓት ወጽዓታት ብፍቱሕ መንፈስ ክንዝትየሎምን፡ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘብጽሑና ታሪኻዊ ውሳኔታት፣ ለበዋታትን መጸዋዕታታትን ኣመሓላሊፍና ክንወጽእ ዘብቅዑና ፈተውቲ ቃልስና፡ ዕዙዝ ምስጋና ምቕራብ ግን ግቡእ እዩ። ሳላ ዝተገበረልና ኩሉ-መዳያዊ ደገፍ፡ ክንዛተን ናብ ወሳኒ መፍትሒ ዘሰጋግረና ኣንፈት ክነቃምትን ክኢልና ኣሎና። ካብ'ዚ ንደሓር ዘሎ ወሳኒ ዕማም ግን ኣባና ኣብ ዝባን ደለይቲ ለውጢ ዝኾና ኤርትራውያን ዝተጻዕነ ኮይኑ ኣሎ። ብኩሉ-መዳያዊ ምድግጋፍ ፈተውትና ናብቲ ንልዕሊ ሸሞንተ ዓመታት ዝጨራሕናሉ ሃገራዊ ዋዕላ ክንበቅዕ ክኢልና ኢና። ካብ'ዚ ንደሓር ዘሎ ግን ቀንዲ ውራይና እዩ። ምኽንያቱ ጸገማት ኤርትራውያን ዝፍታሕ ብቐንዱ ብባዕላትና ብኤርትራውያን ስለዝኾነ። **ፈረስ የብጽሕ'ምበር ኣይዋጋእን** ዝብሉዎ ምስላ ዝመጸ'ውን ከምዚ ዝመሰለ ክውንነት ክርክብ እንከሎ እዩ። ኣብ ከባቢ መወዳእታ ዓመት 2011 ዓ.ም. ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኩሉ-መዳያዊ ወጻኢታቱ ኣብ ዝባን ደለይቲ ለውጢ ዝኾና ኤርትራውያን(ህዝብታትና፣ ሲቪክ ማሕበራትን ፖሎቲካዊ ሓይልታትን) ዝተጻዕነ ምዃኑ ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ኮምሽን ተነጺሩ ኣሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ነዚ ውሳኔ'ዚ ብዝለዓለ ናይ ሓላፍነት መንፈስ ዝወሰነ፡ ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታትና፣ ሲቪክ ማሕበራትን ፖሎቲካዊ ውድባትን ሒዙ ክትግብሮ ምዃኑ ተኣማሚኑ ወፈሩሉ ኣሎ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ቅድሜና ዘሎ ውራይ ሃገራዊ ጉባኤ ብቐንዱ ውራይ ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ ብምዃኑ፡ ዝለዓለ ምርብራብ ክነካይደሉን ኣወንታዊ ምላሽ ክወሃቦን ይግባእ በሃልቲ ኢና።

ብምጥቕላል፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ዝሓለፉ ድኽመታት ቅድመ-ምድላው ሃገራዊ ዋዕላ ግቡእ ትምህርቲ ሓፊሱ፡ ሓንጺጹዎም ዘሎ ወሰንትን ዓበይትን መደባት ንምዕዋት፡ ቀንዲ እምነቱ ኣብ ወሳኒ ደገፍ ህዝብታትና ተመስሪቱ፡ ንምዕዋቶም ዝለዓለ ምርብራብ ከካይድ ይግባእ። ፖሎቲካዊ ውድባት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀሰባትን ድማ፡ ነዞም ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ሓንጺጹዎም ዘሎ ዓበይትን ወሰንት መደባት ኣብ ምዕዋት፡ ንጡፍ ኣበርክቶኦም ከረጋግጹ ታሪኻዊ ሓላፍነቶም እዩ ንብል። ምኽንያቱ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምዕዋት ማለት፡ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ተቓውሞን ሰፊሕ ተቓዋሚ ህዝብናን ተፈጢሩ ዝጸንሐ ጋግ ብምድፋን፡ ኣብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ወሳኒ ነጥበ መቐይሮ ምርግጋጽ ብምዃኑ እዩ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ዓሚቕ ተረድኦኡ ብምብጋስ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት፡ ካብ ቅድመ-ምድላው ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ዝካየድ ንጥፈታት ኣብ ምዕዋት ዓቕሙ ጸንፊፉ ክቃለስ ድሉው እዩ።

## መንእሰይ ኤርትራን መድረኻዊ ጠለባቱን

መንእሰይ፡ ኣብ ዝኾነ ናይ ታሪኽ ኩርናዕ ናይ ፌተ-ውራሪ ብጽሒት ዘለዎ ቀላሲ ሓይሊ'ዩ። ብርግጽ ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበረ-ሰብ ዘለዉ ኩሎም ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ነናይ ገዛእ ርእሶም ዕዙዝን ኣገዳስን ታሪኻዊ ብጽሒታት ከም ዘለዎም ክዝንጋዕ የብሉን። ኣብ ክሊ'ዚ መሰረታዊ ተረድኦ፡ ተራ መንእሰይ ከም ኣገዳሲ ናይ ስምዒት-ሕዋስ ሓደ ሕብረተሰብ ዝግለጽ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበረ-ሰብ ንዝራኣዩ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ባህላውን ማሕንቖታትን ሕጽረታትን ቀዲሙ ብምልላይ፡ ንምእራሞም ተበግሶ ካብ ምውሳድ ጀሚሩ ንጡፍ ተዋሳኢ ናይ'ቲ ዝድለ ሰውራዊ ለውጥታት ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝነብረሉ ማሕበረሰብ ኣገዳሲ ናይ ስምዒት-ሕዋስ ኣካል ብምዃኑ'ዩ። ብክንድኡ ከኣ እዚ ኣካል ተበግሶ ዘይወሰደሉን ንጡፍ ተዋሳኣይ ንምዃን ኣወንታዊ ምላሽ ዘይሃበሉን ሕብረተሰብኣዊ ምንቅስቓስ ዳርጋ ስንኩል ኣካል ኮይኑ ውጽኢቱ ክደናጎይ ኣብ ምዃን ኣሉታዊ ተራ ኣለዎ።

ንኣብነት፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ንዘመናት ንወሳንነት ህዝብን ልኡላዊ ፖለቲካዊ ስልጣኑን መንዚዖም፡ ብድሑር ምልካዊ መስፍናዊ ኣገዛዝኣ ንሕብረተ-ሰብኣዊ ምዕባለ ብምጉታም፡ ምንጪ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ዘይምርግጋእ ንዝነበሩ ስርዓታት ካብ ሱሮም ንምምሓው ዝካየድ ዘሎን ሰውራታት፡ ተራ መንእሰይ ወለዶ ክሳብ ክንደይ ዝጎልሐ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ዘርእይ ህያው ኣብነት'ዩ። እዚ ከባቢ'ዚ ብሓፈሻ፡ ኩነታት ግብጺ ከኣ ብፍላይ፡ ተራ መንእሰያት ዓዚዙ ዝተራእየሉን ከም ተሞኩሮ'ውን ብቅድመ-ግንባር ዝርቋሕ ኣብነታዊ ታሪኽ'ዩ።

ኣብ ግብጺ፡ ነቲ ንልዕሊ 30 ዓመታት ኣብ ዝባን ህዝቢ ተወጢሑ፡ ብብልሽውናን ጸረ-ደሞክራሲያዊ ምሕደርኡን ንዜጋታት ስራሕ ኣልቦ፣ ነዳይን በተኻትን ዝቐየሮም፡ ጸረ-ህዝቢ ቢሮክራስያዊ መሓውሩ ናይ ለውጢ ተጻብኣይ ብምዃን ቀፈዱ ዝኣሰሮም፡ ስርዓት ሑስኒ ሙባረኽ ካብ ሱሩ ንምብርቋቕ፡ ካብቶም ፈለማ ስጉምቲ ዝወሰዱን ኣብ ኣደባባያት ድምጾም ብምቅላሕ ናይ ለውጢ መቓልሕ ዝደወሉን መንእሰያት'ዮም። ነዚ ናይ መንእሰያት ተባዕ ታሪኻዊ መጸዋዕታ ዝተቐበለ ህዝቢ ግብጺ ድማ፡ ኣወንታዊ ግብረ-መልሲ ብምሃብ፡ ካብ መማህራን፣ ሙሁራትን ፖለቲከኛታትን፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ሓይልታት ጸጥታን ሰራዊት ምክልኻልን በብእብረ ኣሰር'ቶም ሙዑታት ብቐዳምነት ንለውጢ ዝተሰለፉ መንእሰያት ሲዒቦም። ውጽኢቱ ከኣ ንህዝቢ ዓለም ብዘገረመ ሓድነት ግብጻውያን ዘስመረ ኣብ ሓደ ዕላማ ዘሰለፈ፡ ብጽንዓት ዝቃለስ ናይ ለውጢ ህዝባዊ ማዕበል ፈጢሩ ንስርዓት ሑስኒ ምባረኽ ኣንበርኪኹ ካብ ስልጣን ኣልዩዎ። ግብጻውያን ኪኖኡ ብምኻድ፡ ፕረዝደንት ሑስኒ ሙባረኽ ኣብ ዕድመ ስልጣኑ ካብ ካዝና ህዝብን ሃገርን ንዝራሰዮ ቢልዮናት ዶላራትን ብህልቂት ንጹሃት ዜጋታትን ተሓታቲ'ዩ ብምባል፡ ጉዳዩ ብቤት ፍርዲ ንክረአ፡ ዘካየድዎ ቃልሲ ኣብ ልዕሊ ምልካውያን ስርዓታት ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡ'ዩ። እዚ ፍጻመ'ዚ ነቶም ኣብ ተመሳሳሊ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ባይታ ኮይኖም ንለውጢ ንዝቃለሱ ዘለዉ ህዝብታት ብሓፈሻ ንመንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ሰውራዊ ቅንኢ ብምሕዳር፡ ሓድሽ ታሪኽ ከመዝግቡ መንፈሳውን ነገራውን ሓይሊ ዘደርየም'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ንሕና ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ'ዚ እንታይ ንመሃር? መድረኻዊ ጠለባትናን እንህቦ ግብራዊ ምላሽን እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ መሰረታዊ ቁም-ነገር'ዩ።

ብርግጽ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ፡ መንእሰያት ኤርትራ መድረኻዊ ግደኦም ኣብ ምልላይን ግቡኦም ኣብ ምፍጻምን ዝተጻወትዎ ልሉይ ገድላዊ ኣበርክቶ፡ ኣብ ታሪኽዊ ድርሳናት ድሙቕ ምዕራፍ ዝሓዘ'ዩ። ብሳላ'ዚ ንጡፍ ተሳትፍኡ፡ ሰውራ ኤርትራ ዝጠልቦ ኩለ-መዳያዊ መስዋእትነት ብምክፋል ዝተበጀወ ዝቐደመ ኤርትራዊ መንእሰይ ወለዶ፡ ነቲ ዓርሞሸሽ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሲዒሩ ናይ ነጻነት ጸሓይ ኣብሪቑ፣ ውልዶ ሃገርን ሓድሽ ታሪኽን ከውርሰና በቒዑ'ዩ። እዚ ንዝንተ-ዕለት ካብ ውሉድ ወለዶ ብሓበን እነዘንትዎ ታሪኽ ገድሊ ህዝብታት ኤርትራ ብቕንዱ ገድሊ መንእሰይ ኤርትራ'ዩ።

ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት፡ ሉኡላዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ህዝብታት ኤርትራ መንዚዑ ንመሰረታዊ ዕላማታት ሰውራናን ሕድሪ ስውኣትናን ብምጥላም ፋሽስታዊ ስርዓት ዝደኮነ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንመስርሕ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ብምብርዓን ታሪኻዊ ክሕደት ፈጺሙ'ዩ። ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብውሽጥን ብደገን ብዘሳወሮ ሓዊ፡ ናብ መጋርያ ኲናት ቀይሩ ብዋጋ ብሩህ መጻኢ ዕድላቶም ተቛሚሩ'ዩ። ውልቃዊ ረብሓታቱን ቀጻልነት ፋሽስታዊ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ወለዶ ከኣ ብፍላይ ግዱድ ወፍሪ ባርነት ብምእዋጅ፡ ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ጸጋታት ሃገር፡ ከዳሚ-ጥሙሓቱ ክኸውን ጌሩዎ'ዩ። ነዚ ግዱድ ፋሽስታዊ ፖሊሲ ናይ'ቲ ስርዓት ኣሜን ኢሉ ዘይተቐበለ፡ ክጭወ፣ ክቕንጸል፣ ኣብ ጋህሲ ኣብያተ-ማሕቡስ ክዳጎንን ክሳጎግን ኮይኑ'ዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ልዕሊ ሕጊ ተሓታትነትን ኮይኑ ገቢሉ ዘሎ ፋሽስታዊ ስርዓት፡ ዜጋታትና ተስፍኦም ጸልሚቱ **"ካብ ተስፋ ዘይብሉ ህይወት፡ ተስፋ ዘለዎ ሞት"** ዝብል ቀቢጸ-ተስፋዊ ጭርሖ ብምሓዝ ብቃፍላያት ናብ ስደት ይውሕዙ ምህላዎም ፋሽስትነት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ከኣ ብፍላይ፡ ናይ ዝፈጠሮ ኣሉታዊ ኩነተ-ኣእምሮን ሓደግኡን ዘመላኽት'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት ብሰንኪ ዝተኸተሎ ፋሽስታዊ ፖሊሲ ብንጽል ስድራ-ቤት ጥራይ ዘይኮነስ ሃገር ብምልእታ ተካኢ ወለዶ ዘይብላ ክትበርስ ይገብር ኣሎ። ከም ሳዕቤኑ፡ ሎሚ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እዋን፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሑ፡ ህጹጽ ምላሽ ዝጠልብ እዋናዊ ጉዳይ ኮይኑ'ሎ። ኣብ'ዚ ወሳኒ ታሪኻዊ መድረኽ'ዚ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህላወን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ፈጢሩዎ ዘሎ ሓደጋ ንምዕጻፍ ኩሎም ሃገራዊ ጽዓታት፡ ኣብ ሓደ ናይ መኸተ-መስርዕ ዓቕምታቶም ክጸምዱ ኣብ ዝሕተተሉ ወቕቲ፡ እቲ ንሕስያ ብዘይብሉ ፋሽስታዊ ዓደራዕ፡ ግዳይ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ፡ ኣበርክትኡ እንታይ ይመስል? ክለዓል ዝግብኦ ክሳዳዊ ሕቶ'ዩ።

ብርግጽ ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ኤርትራዊ መንእሰይ እታ ዝዓበየት ንፋሽስስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምንጻግ መልክዕ ተቓውሙኡ ዝገልጸላ መንገዲ እንተነይራ፡ ብተናጸል ናብ ስደት ብምውሓዝ ዝግለጽ'ምበር ፌተ-ውራሪ ናይ ለውጢ ሓይሊ ብምዃን ንባህርያዊ ቦትኡ ኣውሒሱ፡ ግቡእ ታሪኻዊ ብጽሒቱ ከበርክት ኣይጸንሐን። ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ እቲ ዝዓበየ ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብኣዊ ኣካል መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ፋሽስታዊ በደላት እስካሕኪሕዎ ንስደት ገጹ ክውሕዝን ግዳይ ክኸውን'ምበር፡ ንሽግራቱ በዲሁ ነባሪ ፍታሕ ብምምጻእ፡ ኀይታ መሰሉን ተረካቢ ሕድርን ክኸውን ዘኽእሎ ብሉጽ ናይ ዕድመ ጸጋታቱን ታሪኻዊ ሓላፍነቱን ብግብሪ ከረጋግጽ ኣይከኣለን። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ወርቃዊ ናይ ለውጢ ኣጋጣሚታት መኺኖም፡ ካብ'ቲ ዝኸፈአ ናብ ዝበኣሰ ሓደጋታት ዝሳጥሓሉ መሪር ወቕቲ ተኸሲቱ'ሎ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ንህይወት 325 ዜጋታትና ብጅምላ ዝቐዘፈ ዘሰቅቕ ፍጻመ መርኣያ ናይ'ዚ ኤርትራዊ መንእሰይ ዝሓልፎ ዘሎ መሪር ህይወት መግለጺ'ዩ። ካብ'ዚ ብዘይንእስ መርድኦም ዘይተነገረሎም፡ ኣብ ካብ ድርኾኺት ዶባት ኤርትራ ጀሚሮም ብተመልከተለይ

*መጅሙዕ ተኸሲ ህይወቶም ዝሓለፈ፣ ኣብ ቤት-ማሕቡስ ሓቂቖም ዝተረፉ፣ ስደተኛታት ኣዛብእ ዝበልዑዎም፣ ኣብ ምድረ-ብዳ ሰሃራ ካምሲን ዝደበዮም፣ ብማይ ጽምኢ ዝሃለቑ፣ ሽሻይ ቀለብ ዓሳ ዝኾኑ፣ ኣብ ቲርኳላታ ዶባት ግብጽን እስራኤልን ከም ጨርቂ ንጸሓይ ዝተሰጥሑ፣ ኣብ በረኻታት ሲናይ ጅሆ ዝተዘርዑን ብሴፍ ዝቐንጸሉ ዘለዉን ኤርትራውያን ዜጋታታት ዝሓልፍዎ ዘለዉ ህይወትን ዝበጽሖም ዘሎ በደላትን መዳርግቲ ኣልቦ'ዩ። ከምቲ* **"ተዘይትደፍኣንስ መን መጽደፈኒ"** *ዝብልዎ ወረጃ ምስላ ኣቦታት፡ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ሕሰማት እቲ ኣብ ከስዐ ምድሪ-ቤትና ዝቦቖለ ዳንዴር-እሾኽ ፋሽስትነት'ዩ። እዚ እሾኽ ምድር-ቤት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዝፈጥሮ ዘሎ ካብ ቃንዛ ዝሓለፈ ሓደጋ፡ ክስወጠናን ቅጽበታዊ ምላሽ ክንህበሉን ባህርያዊ ክንሱ፡ ተዓዚምና ወረ ብኣፍና'ውን ከይተረፈ ተሎጕምና ምህላውና እምበኣር መልሲ ዘይተረኽቦ ሕንቅልሕንቅሊተይ'ዩ።*

*መንእሰይ ኤርትራ ግቡእ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ብንጥፈት እናተዋሰአ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ብምምዝጋብ መጻኢ ብሩህ ተስፍኡ ከየውሕስ ዝፈታተንዎን ዘየተባብዕዎን ወድዓዊ ኩነታት ምህላዎም ከም ምኽንያት ዝገልጹ ኣይተሳእኑን። እቶም ዝቐርቡ ምኽንያታት ድማ ካብ ክልተ ኩርናዓት ዝብገሱ'ዮም። እቲ ሓደ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ንሃገራውነት ከም መኸወሊኡ ስለዝተጠቐመሉ፡ እዚ ኣጀንዳ'ዚ በልዩ ሓቀኛ መንነቱ ክሳብ ዝቃላዕ ግዜ ምውሳዱን ብክንድኡ ነቲ ዝካየድ ቃልሲ ከምዘደናጎዮ ዝገልጽ ሞጎት'ዩ። ካብ'ዚ ብዘይፍሉ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ምሕረት ኣልቦ ብዝኾነ ጭካነ ንኩሎም መማረጺታት ለውጢ ብምልኳት ናይ ለውጢ ዓቕምታት ከልምስ ምጽንሑ ከም ሓደ ምኽንያት ዝገልጹ'ውን ኣይተሳእኑን። እቲ ካልእ ከኣ ንደሞክራሲያዊ ቃልሲ ዝተሰለፉ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ኣብ ናይ ገዛእ-ርእሶም ኣጃንዳታት ተጸሚዶም ዓቕምታቶም ዘዳቀቑን ተስፋ ህዝቢ ብተደጋጋሚ ብምህራም፡ ካብ ጌጋታቶም ዘይተማሃሩን ብምኳኖም፡ ኣብ ንያት መንእሰያት ኣሉታዊ ስምብራት ምዕራፉን ዝገልጹ'ዮም። ብርግጽ እዞም ዝተገለጹ ማሕንቆታትን ሕጽረታትን ምህላዎም ዝከሓድ ኣይኮነን። ናይ ሎሚ መንእሰይ ኤርትራ ብዝወረዶ ወደቓ፡ ከምቲ ንቡር ጸጽቡቕ ኣብነታዊ ተሞኩሮ ክወርስ ኣይተዓደለን። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ሕድሪ ጀጋኑ ስውኣትን ስንኩላንን ብምጥላም፡ ዘይተጸበዮ መዓት ክፍደ ጌርዎ'ዩ። እቶም ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ዝተሰለፉ ሓይልታት ድማ፡ ማእከላይ ስሕበት ናይ ለውጢ ብምኳን፡ ነቶም ኣያን ዘራይን ዝሰኣኑ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰይ ወለዶ ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ዙርያኦም ሓቝፎም፡ ተቓሊሶም ብምቅላስ ብኣኽሊል ዓወት ክድብስዎም ኣይነፍዑን። እዚ ማለት ግን መንእሰይ ኤርትራ ዘትብዖ እንተዘይረኺቡ፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሓድሽ ታሪኽ ብምስራሕ፡* **ንዝኅበጠ ከቃንዖ፣ ንዝፈረሰ ዳግም ክሃንጾ፣ ንዝኣረገ ክትክእ፣ ንዝዕንቅፍ ክኣልዮ** *ዘይምክኣሉ፡ ንቡኩራቱ መደዓዓሲ ንድኽመታቱ ዝስርየሉ ኣይኮነን'ዩ።*

*ብዓንዲ ርእሱ፡ ጉዕዞ ቃልሲ ብባህሪኡ ንሓርፋፍን ጥውይዋይ መንገዲታቱን ፊት-ንፊት ገጢምካ፡ ንብድሆታቱ ሰጊርካ፡ ካብ ውዕሎኻን ተሞኩሮታትካን ከም መላጸ እናተሳሐልካ ብብልሒ ፖለቲካዊ ንቕሓት ብምግጣም ናብ ልሙጽን ምቹእን መንገዲ ንምቕያሩ ዝካየድ ግጥሚያ ብምኳኑ፡ ትብዓት፣ ተወፋይነትን መስዋእትን ዝጠልብ ጉዕዞ'ዩ። ልሙጽ መንገዲ፡ ቃልሲ ኣየድልዮን'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኤርትራዊ መንእሰይ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ብምድንጓይ ኣብ ዕንኪሊል ዘእትውዎ ንዘለዉ፡ ብኣረኣእያ ይኹን ብተግባር፣ መልክዕ መግለጺታቶምን ኣበየናይ ደምበ/ኣካል ይውከሉ ብዘየገድስ፡ ከለልዮምን ንምእራሞም ብምቅላስ፡ ሱር በተኸ-ደሞክራሲያዊ ለውጢ ከምጽእ ቅሩብ ክኸውን ኣለዎ። ካብ'ዚ ወጻኢ፡ ተራ መንእሰያት ኣብ ምርግጋጽ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምንታይ ቦኺሩ? ንዝብል ሕቶ፡ እቲ በዓል-ቤት መንእሰይ ኤርትራ ፍኒ-ሕኒሕ ከይበለ እንከሎ፡ ግዳማዊ ረቛሒታት ብምዝርዛር ንድኽመታትካ ከተመኽንየሉ ምፍታን፡ ካልእስ ይትረፍ ንሕልናኻ'ኳ ሩፍታ ዝህብ ኣይኮነን።*

*ስለዝኾነ ከኣ፡ መንእሰይ ኤርትራ ግዳይ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ምኳን ሓሊፉ፡ ኣካል'ቲ መሰረታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝግበር ዘሎ ተጋድሎ ከይኮነ ጸኒሑ'ዩ። ድኽመታት ሓይታት ተቓውሞን፡ ቡኩራት መንእሰይ ኤርትራን ዝወለዶ፡ ጉዕዞ ቃልስና ኣብ ዘለዎ ጋማን ክብል፡ ሕሰማት ካብ'ቲ ዝጸነሖ ክብእስ እናኾነ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተደኒሱ ክንሱ፡ ብዋጋ ስንፍናና ዕድመ ክሽምትን ከም ህዝብን ሃገርን ህልውናና ኣብ ሕቶ ኣውዲቑ፡ ኣብ ልዕሌና ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ከንጸላሉ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ፡ እቲ ሓደጋ ዝፈጠሮ ረስንን ዋዕን ብቀረባ-ርሕቀት ይጭልብበና'ሎ። ካብ'ዚ ዝሽፍእ ተኣፋፍን ኣሻቓልን እዋን ክህሉ ኣይክእልን'ዩ።*

*ብርግጽ፡ ከም'ቲ ኣቦታትና* **"ክንብል በለ'ምበር ኣይተካዕወን"** *ዝብልዎ፡ ስቕታና ካብ ልክዑ ብምሕላፉ፡ ዝተካዕወን ዝተኸሰረን ዕድላት ምህላዉ ዘይከሓድ'ኳ እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን ግን ንዝሐለፈ ኣጋጣሚታት ከካሓሕሰልና ዝኽእል ተኽእሎታት ኣሎና። ነዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝዝንብይ ዘሎ ገዚፍ ሓደጋ ንምዕጻፍ፡ ሓደ ዕድል ተሪፉና'ሎ። ከም'ቲ ህዝብታት ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ኣብ ልዕሊ ምልካውያን ስርዓታት ዓሚጾም፡ ሓድሽ ታሪኽ ብምስራሕ፡ ባብ ደሞክራሲያዊ ምዕራፍ ዘርሓዉ፡ ንሕናውን* **"ይኣክል!!"** *ዝብል ጭርሖ ኣልዒልና፡ ተቛደስትን ኣካልን ናይ'ዚ ኣብ ከባቢና ብድሙቕ ታሪኻዊ ዓወታት ዝጽንበል ዘሎ ህዝባዊ ሰውራ ክንከውን ድልዋት ምኳንና ብተግባር ከነረጋግጽ ንጥለብ ኣሎና።*

*ነዚ መድረኻዊ ጠለብ'ዚ ዝተረድኡ፡ ስደት መሰረታዊ ፍታሕ ከም ዘየምጽእ ሰሚሮም ዘረጋገጹ፡* **"ይኣክል"** *ዝብል ጭርሖ ሒዞም ብተበግሶኦም ሰላማዊ ሰልፍታት ዝወደቡ፡ ተቓውሞኦም ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ብቓልዕ ከስምዑ*

ዝበኞዑ፡ ኣብ መስርዕ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ተሰሊፎም ግቡኦም ከበርክቱ ድልዋት ምህላዎም ብተግባር ዝገለጹ፡ ብሽሓት ዝቁጸሩ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ ዝዓመምዎ ዕዉት ንጥፈታት፡ ብርግጽ መጻኢና ብሩህ ንምግባሩ፡ ዓቕምን ድልውነትን ከም ዘሎ ዘረጋገጸ'ዩ። ካብ መንን'ቶም ኣብ መስርሕ'ዚ ቃልሲ ብኣብነት ዝግለጹ ፍጻሜታት መንእሰያት እቲ ሓደ፡ ብቐንዱ ኣብ ኣሜሪካን ካናዳን ዝመደበሩ ንመንእሰያት ከም ሕብረተ-ሰብኣዊ መሰረቱ ዝሓቖፈ ብEYGM ዝፍለጥ ምንቅስቓስ፡ 2ይ- ጉባኤኡ ምስልሳሉ'ዩ። እዚ ጉባኤ'ዚ ንዓቕምታት ናይቲ ምንቅስቓስ ብምድራዕ ናብ ዝበረኸ ጽፍሒ ከም ዘደይቦ ትጽቢት ኣሎ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ንዝርከቡ መንእሰያት ንምጥርናፍን ዓቕምታቶም ንምውህሃድን ብመንገዲ ኢንተርኔታት ዝካየድ ዘሎ ተበግሶታት'ውን ኣወንታዊ ድርኺት ክፈጥር ተስፋ ዝተነብረሉ'ዩ።

ካብ'ዚ ብዝተፈለየ ኣብ ተሞኩሮ ከም ነጥበ-መቐይሮ ዝግለጽ ሰፊሕ ተሳትፎ መንእሰያት ዝተራእየሉን ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ንምክያድ ዝበቐዐ ፍጻመ ድማ፡ ናይ'ዚ ብመንእሰያት ኤርትራ ዝበጋገስ ዘሎ ምልዕዓላት ብኣብነት ዝርቋሕ'ዩ። መንቀሊ ናይ'ዚ ንኩሎም መንእሰያት ኣብ ሓደ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፊ ዝጸንበረ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ብምኽንያት'ቲ ኣብ ልዕሊ 325 ህጻናትን ደቂ-ኣንስትዮን ዝርከቡዎም መንእሰያት ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝበጸሐ ኣሰቓቒ ጃምላዊ ህልቂት ዝተሰመዖም መሪር ሓዘን ንምግላጽን ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንኤርትራውያን ስደተኛታት ቆላሕቱኡ ክገብር ንምጽዋዕ ዝዓለመ'ዩ። እዚ ሰላማዊ ሰልፍን ሽምዓ ናይ ምብራህ ስነ-ስርዓትን፡ ኣብ እስራኤል፣ ጀነቫ፣ ለንደን፣ ካናዳ፣ ኣብ ኩለን ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝተዓቖቡለን ካምፕታትን ከተማታትን ኢትዮጵያ (ኣብ ኣዲስ-ኣበባ፣ ሽመልባ፣ ማይ-ዓይኒ፣ ዓዲ-ሓርሽን ክልል ዓፋር-ኣሳይታ) ብዱሙቕ ተሳትፎ ተዓጂቡ ብዓወት ተሰላሲሉ'ዩ። እዚ ህዝባዊ ምልዕዓላት'ዚ ኪኖ'ቲ ከም ሕማቕ ተረኽቦ ልቢ ኩሎም ብሓዘን ዝደወነ ጅምላዊ ህልቂት ንጹሃት ዜጋታትና ብሕልናን ጸሎትን ምዝካሩ፡ ንጠንቂ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓፈሻ ንኣማውታ'ዞም ግዳያት ከኣ ብፍላይ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብሕታዊ ተሓታቲ ምዃኑ ብምንጻር፡ ካብ ምቅላሱ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ከም ዘየለ ዝተሰመረሉ ጉዳይ'ዩ። ብመንጽር'ዚ ከኣ ታሪኻዊ ኣበርክትኡ ክፍጽም ድልዊ ምህላዉ ብስም'ቶም ግዳያት ቃል ኣትዩ። እዚ ፍጻመ'ዚ፡ ነቲ ብስሕዉ ተሳትፎ መንእሰያት ኤርትራ ክሳቐ ዝጸነሐ ደሞክራሲያዊ ቃልስና፡ ንቡኩራቱ ፈዊሱ ኣበርክቶታቱ ከዕዝዝ ትጽቢትን ተስፋን ዝግበረሉ፡ ባብ ሓድሽ ምዕራፍ ብምኽፋት ንዓቕምታት ሰውራና ዘበርኽ ድልውነት፡ ብሸንኽ መንእሰያት ኤርትራ ምህላዉ ዘረጋገጸ'ዩ። እዚ ተበግሶን ድልውነትን'ዚ፡ ኩሉ ዓቕምታቱ ጸንቂቑ ብዝሓየለን ዝተወደበን መልክዑ ቀጻልነት ዘለዎ ተሳትፎ ብምውሓስ፡ ናዕታ-ውቅዒቱ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ጽልዋ ከዕርፍ ብዝኽእሎ መንገዲ፡ ቀለበት ክሰርሕን፡ በዚ ኣቢሉ ንመድረኻዊ ጠለባቱ ክምልስ ናብ ዘብቅዖ ብርኪ ናይ ምስግጋር ሕቶ፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ንቃልሲ ድልው ምህላዉ ዘረጋገጸ መንእሰይ ኤርትራ ዘሎ ዕዮ ገዛ'ዩ። ነዚ ዕዮ ገዛ'ዚ ብዝግባእ ክምልስ እንተበቒዑ፡ ብርግጽ ብስንፍናና ንዝተዋህለሉ ሃገራዊ ዕዮታትና ብዝግባእ ኣጻፊፍና መጻኢና ብሩህ ናይ ምግባሩ ዓቕምን ታሪኻዊ ኣጋጣምን ኣሎና።

ብርግጽ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መንእሰያት ኤርትራ ታሪኻዊ ብጺሒቶም ንምፍጻም ዘርኣይዎ መባእታዊ ተበግሶን ድልውነትን ኣኽብሮት ዝግብኦ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ኩሉ ካብ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝርባሕ፡ ኣወንታዊ ምድግጋፍ ክግብረሎም ትጽቢት ዝግበረሉ'ዩ። እዚ ኣወንታዊ ምብግጋስ'ዚ ክፈጥሮ ዝክእል ማዕበል ኣብ ግምት ብምእታው ኣወንታዊ ምላሽ ጥራይ ምጽባይ ግን ዕሽላውነት'ዩ። ካብ'ዚ ብዝተፈለየ እዚ ሞተር ናይ ተቓውሞ ከይሰወደ እንክሎ፡ ንምኹላፍ ዝግበር ተጻብኦታት ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ብዝተፈላለዩ መግለጺታት ክዘንብዎ ምዃኖም ብምርዳእ፡ ነዚ ክጻወሮን ክብድሆን ዘብቅዖ ንቕሓት ክውንን ከድሊ'ዩ።

ድሮ'ኳ **"ንሕና ዘየለናሉ…."** ካብ ዝብል ትምክሕታውን ጉጅላውን ሕሳባቶም ዝተበገሱ፡ መስከረም.ኔት ዝ-ፌታውራሪኦም፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣፉ-ዘጽረየሉ ኣጀንዳ ተለቒሖም፡ ታሪኽ ፍሽለቱ ንምድጋም፡ ጽያፍ ብርየምን ልሳኖምን ወዲሮም ከቲቶም ኣለዉ። እቲ ዕላማ ንጹር'ዩ። ንሶም ዘይዋዓሉሉ፣ ዘይባረኹዎን ንዝንኦም ዘየገልግልን፣ ካብ ወርቂ ዝሕረ ዕላማ ንዘለዎ ሃገራዊ ጉዳይ፡ **"ኣመል ምስ መግነዝ"** ከም ዝበሃል፡ ንምጽላሙን ንምድዋኑን ዝዓለመ ርካሽ ወፈራ የካይዱ ኣሎዉ። ስለዚ መንእሰያት ኤርትራ ሎሚ ይኹን ንመጻኢ ክገጥሞም ዝኽእል ተመሳሳሊ ብድሆታት፡ ብልሓም ከየጉተሙ ብንቕሓት እናተሰሓሉ፡ ሓድሽ ታሪኽ ክጽሕፉ ብጽንዓት ክቃለሱ ይግባእ።

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከመሓልልፎ ዝደሊ መልእኽቲ፡ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ-ህግደፍ ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ዕዙዝ ተሳትፎኦም ብምርግጋጽ፡ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምምዝጋብ ዘካይድዎ ተበግሶን ጻዕርን ብልቢ ብምድጋፍ፡ ንምጥንኻሩ ዓቕምታቱ ዘፍቀዶ፡ ኩሉ ንምግባር ቅሩብ ምህላዉ የረጋግጽ።

## ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ
## ግንቦት-ሓደ (መይ-ደይ) ዝተዳለወ ውድባዊ መግለጺ፥

ግንቦት ሓደ(መይደይ) ኣብ ማህደር ታሪኽ ሸቃሎ-ዓለምና ናይ ገዛእ-ርእሳ ፍሉይ ታሪኻዊ ቦታ ዝሓዘት ዕለት'ያ። እዛ ዕለት'ዚኣ ሸቃሎ ዓለምና ካብ'ቲ ንዘበናት ክበጽሖም ዝጸንሐ መሪር ደርባዊ ወጽዓ ንምንጋፍ፥ ተወዲቦም ዘካየዱዎ መሪር ቃልስን ዝኸፈሉዎ ከቢድ መስዋእትን ንምዝካር፥ ብሸም ውጹዓት ሸቃሎ ዝተሰመየት ታሪኻዊት ዓለም-ለኻዊት ዕለት'ያ። እነሆ ሎሚ ድማ ብዓለም ደረጃ ንመበል 118 ግዜኣ ትዝከር ኣላ።

ሸቃሎ ኤርትራ፥ ከም ኣካል ኣምሳል ሸቃሎ ዓለም መጠን፥ ንግንቦት ሓደ (መይ-ደይ) ንሕሉፍ ተሞክሮ ቃልሶም እናዘከሩ፥ ንህሉው ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ብሓፈሻ፥ ንኩነታቶም ድማ ብፍላይ ብኹሉ መዳዩ ገምጊሞም ንመጻኢ ቃልሲ ቅኑዕ ራእይ ሒዞም፥ ብሩህ መጻኢ ዘቋሙቱላ ዕለት'ያ።

ኤርትራውያን ሸቃሎ፥ ከም ኣካል ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ መጠን፥ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት፥ ካብ ኣርባዓታት ጀሚሮም ዝተቓለሱን ዝተሰውኡን'ኳ እንተኾኑ፥ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ግን ኩሉ ትጽቢታቶም ተጠሊሙ'ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ፖለቲካዊ ስልጣን ንበይኑ ብሒቱ ንሃገርና ልዕሊ ሕግን ስርዓትን ኮይኑ ይገዝኣ ብምህላዉ፥ ሸቃሎ ኤርትራውያን ከም ኩሎም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ፥ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም ተዓፊኑ'ዩ። ናይ ስራሕ ውሕስነት የብሎምን። ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ካብ ስራሕ ክጽልጸሉን ብሓይሊ እናተገፈፉ ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ(ጊላዊ ዕዮ)ን ክኣረቱ ጸኒሖምን ኣሎዉን።

ብሰንኪ ገባቲ ቁጠባዊ ፖሊሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፥ ሰብ-ሃብቲ ደቂ-ሃገር ይኹን ወጻእተኛታት ኣብ ሃገርና ዕድል ኢንቨስትመንት ስለዘተነፍጎምን፥ ኣቐዲሞም ዝፈተኑ ድማ እናኸሰሩን እናጠፈሹን ብምኻዶም፥ ሓድሽ ናይ ስራሕ ዕድል ምስኣን ጥራሕ ዘይኮነስ፥ ነባራት ሸቃሎ'ውን ውሕስነት ስኢኖም ምስ ስድራ-ቤታቶም ኣብ ሓደጋ እናወደቑ ዝሸዱሉ ኩነታት እናኸፍአ መጺኡ እዩ። ብቐንዱ ብዝተኸተሎ ግጉይ ቁጠባዊ ስትራተጂ፥ ብተወሳኺ ድማ በቲ ኣብ ዓለምና ኣጋጢሙ ዝጸንሐ ዓሚቕ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ክሳብ ሎሚ ነባሪ ፍታሕ ብዘይ-ምርካቡ፥ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብከቢድ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ሸርፊ እናተሳቐየ ምቕጻሉ፥ ብመንግስቲ ህግደፍ ዝውንና ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታትን'ውን ሰኣን እኹል ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት ክዝሕትላን ክሳብ ደው ናብ ምባል ክበጽሓን ይኾና ኣሎዋ። ብሰንኪ'ዚ ድማ፥ በብእዋኑ ብርክት ዝበሉ ሸቃሎ ካብ ስራሕ ደው ክብሉን ንባዕሎምን ስድራታቶምን ኣብ ከቢድ ናይ መነባብሮ ሽግር ክወድቁን ሕሱም ናይ ድኽነትን ጥሜትን ሂወት ኣብ ምሕላፍ ይርከቡ።

ናይ ሎሚ በዓል ግንቦት ሓደ(መይ-ደይ) ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ትበዓል ኣላ። ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን፥ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ዝባኖም ተሰቒሎም ከሳቕዩዎም ዝጸንሑ መንግስታት ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክጉሕፉ ኣብ ማዕበላዊ ህዝባዊ ዓመጽ ዝኸተቱሉ፥ ናይ ቱኒዝያን ግብጽን ህዝብታት፥ ታሪኻዊ ዓወት ዝተጎናጸፉሉ፥ ህዝብታት ሊብያ፣ ሶርያ፣ የመን፣ ባሕሬን ወዘተ ድማ ኣብ ምትሕንናቕ ዝርከቡሉ እዋን'ዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ፥ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብሃፈጽታ ናዕቢ ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ርዒዱ ክሕቆን ድሕሪ ምጽናሕ፥ ብሓደ ወገን ንስርዓት ቃዛፊ ንምድሓን ፍሉያት ኣሃዱታት ልኢኹ ተቓውሞ ህዝቢ ሊብያ ንምጭፍላቕ ዝተዋፈረሉ፥ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብምኽንያት መበል 20 ዓመት ሃገራዊ ነጻነትና ኣመኻንዩ፥ **"ኤርትራ 20 ዓመታት ሓበን"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ከብዕሎ: ኣብ ዕድመ ስልጣኑ ገይሩዎ ዘይፈልጥ በብኸባቢኡ ሲምፖዝዩማት እናካየደ ቀልቢ ህዝብታትና ንምጥምዛዝ ሕሱር ጻዕሪ ዘካይደሉ እዋን እዩ።

ግንቦት ሓደ(መይ-ደይ) ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ ክነኽብር እንከሎና፥ ካብ ኣእምሮና ዘይሕከኹ ክውንነታት ኣሎዉ። ብሰንኪ ጨካንን ግፍዓውን ስርዓት-ምሕደራ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፥ በብመዓልቱ ንዝፈትዉዋ ሃገሮም እናገደፉ ናብ ስደት ብኣሸሓት ዝውሕዙ ዘሎዉ ወገናትና፥ ኣብ ጉዕዞኦም ዘጓንፎም ዘሎ ዘሰቕቕ መከራ እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብውሽጡ ብፍርሕን ራዕድን እናተሓቖነ እንከሎ፥ ከምስል መበል 20 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ብድሙቕ ስነ-ስርዓት ከኽብር፥ "**ኤርትራ ናይ 20 ዓመት ሓበን**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ሻሕጣይ ጭርሖ ተኸዊሉ፥ ዳንኬራ ኣብ ዝድስቐሉ እዋን፥ ብሰንኪ ጨካን ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራኡ ካብ ሃገሮም ነፊጾም ኣብ ሊብያ ተዓቚቦም ካብ ዝነበሩ ኤርትራውያን ከባቢ 400 ህጻውንትን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከቡዎም መንእሰያት ወገናትና፥ ባሕሪ ሜዲተራንያን ብመርከብ ክቖርጹ ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን፥ ምኽንያቱ መሊኡ ብዘይተረጋገጸ ሓደጋ፥ ብሰቕቕ ኣገባብ ብጃምላ ዝሃለቑሉን መላእ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ከቢድ ሓዘን ዝወደቑሉ እዋን እዩ። ብሰቕቕ ህልቂት ወገናትና፥ ህዝብታት ኤርትራ ደም ኣብ ዝነብዑሉ እዋን፥ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ዕሱባት ኮራኹሩን "**ጸጊቦም እዮም ሃገሮም ገዲፎም ከይዶም**" እናበሉ ካላግጹን፥ ኣብ ዝቖሰለ ልቢ ህዝብና መሊሶም ግንጫር ክወግኡዎ ዝጓየዩሉ እዋን እዩ።

ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ ገደብ ኣልቦ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ጭቆና፡ ድኽነት፣ ጥሜት፣ ማእሰርቲ፣ ምስዋር፣ ሞትን ሰፊሕ ዋሕዚ ስደትን ሕላገት ህዝብታት ኤርትራ ካብ ዝኸውን እነሆ 20 ዓመታት ንደፍን ኣሎና። እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ዘይተኣደነ በደል፡ ሸቃሎ ኤርትራ’ውን ከም ኣካል ኣምሳል ህዝብታት ኤርትራ መጠን፡ ግዳይ ኮይኖም ምጽነሖም ዘይሕባእ ሓቂ እዩ። ኣብ’ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዘበነ ግፍዓዊ ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ-ህግደፍ፡ እታ ብሸም ሰራሕተኛታት ዝቐመት ማሕበር፡ **ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ(ሃኮሰኤ)**፡ ምዝመዛን ጭቆናን ዝመረሮም ሸቃሎ ኤርትራ ዘስምዑዎ ኣውያትን መረረትን ብምዕባጥ፡ ንምንዋሕ ዕድመ ስልጣን ኢሳይያስ ካብ ምሽቃል ሓሊፉ፡ ንሓንቲ ካልኢት’ውን ረብሓ ሸቃሎ ተጣቢቓ ኣይትፈልጥን። ስለዝኾነ’ውን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራ ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊኦም ሓደጋ ምብትታንን ብርሰት ኣንጸላልዩ ኣሎ። ሸቃሎ ኤርትራ ከም ኣካል ህዝብታት ኤርትራ መጠን፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ብምድሓን፡ ካብ ዝወርዶም ዘሎ ደርባዊ ጭቐና ብዘላቕነት ክላገላገሉ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ተጋድሎ ብኹሉ ዓቕሞም ክቃለሱ፡ ግንቦት ሓደ(መይደይ) ቃሎም ዘሕድሱላ ዕለት ክትከውን ይግባእ።

ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ ዓለም፡ ንኤርትራውያን ሸቓሎ ክነመሓላልፎ እንደሊ መልእኽቲ፡- ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ-ህግደፍ ኣብ ልዕሊኦም ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ኣንጸላልዩም ኣሎ። ን50 ዓመታት ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም ዘካየዱዎ ዘይሕለል ተጋድሎ፡ ብዘይ-ፍረ ተሪፉ፡ ኣብ ኢድ ሓደ ዕሉል ትምክሕተኛ ውልቀ-ሰብን ዕሱብ ጉጅለኡን ወዲቑም፡ መጻኢኦም ጸልማት እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ካብ’ዚ ሓደጋ’ዚ ብዘላቕነት ንምድሓን፡ እቲ ብሕታዊ ኣማራጺ፡ ዓቕሚ ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ብምውህሃድ ዘይዕጸፍ ቕልጽምና ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን-ህግደፍን ምዕራፍ እዩ። ከም ኤርትራውያን ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ከሰጋግረና ኢዩ ኢልና እንኣምነሉ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል፡ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ሰፊሕ ምድላው ኣብ ምክያድ ይርከብ። እዚ ሃገራዊ ጉባኤ’ዚ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ብንቕሓት ዝሳተፉሉን ብወከልቶም ኣቢሎም ዘሰላስሉዎ፡ ውራይ ደለይቲ ለውጢ ህዝብታት ኤርትራ እዩ። ነቲ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሞንጎ ሓይሊ ተቓውሞን ህዝብታትናን ተፈጢሩ ዝጸንሐ ጋግ ዓቢሱ፡ ሓያል ዓቕሚ ብምፍጣር፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር፡ ዓብይ ዕድል ክፈጥር ይኽእል’ዩ ተባሂሉ ዝእመነሉ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምዕዋት፡ ሸቃሎ ኤርትራውያን ካብኦም ዝጥለብ ኩሉ-መዳያዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ቃል ዝኣትዉሉ ዕለት ክኸውን ይግባእ። ውድብና **ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)** ህዝብን ሃገርን ኣንጸላልዩዎም ካብ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ኣብ ምድሓን ዓቕሚ ህዝብታትና ኣብ ምውህሃድ ልዑል ተራ ክህልዎ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋትን ኣብ ሃገርና ዘላቒ ረብሓ ህዝብታትና ዘረጋግጽ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ፡ ብኹሉ ዓቕሙ ክቃለስ ቅሩብ ምህላዉ ብኣጋጣሚ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ(መይ-ደይ) ደጊሙ የረጋግጽ።

**ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን፡**
**ብኹሉ ዓቕምታትና ንቃለስ!!**

**ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ ግንቦት ሓደ(መይደይ)**
**ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር!!**

**ውድቀት ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ!!**

**ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!**

**ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
**01 ግንቦት 2011**

# ቅኑዕ መስመር ሒዱሽን ሒዝና፡ ክንዕወት ኢና!!